Niedersachsen e.V.

# ናይ ኮቪድ 19 መከላኸሊ ክታበት

**እቲ ክታበት ክሳብ ክንደይ ክጠቅም ይኽእል፧**
እዚ ክታበት ካብ ከቢድ ሕማም ወይ ካብ ሞት'ውን ይከላኸል እዩ። ዋላ'ውን ድሕሪ ክታበት ሰብ ኮሮና እንተሓመመ ብፎኵስን ብዘይ ናይ ሕማም ምልክታትን ይሓልፈሉ። እዞም ክታበታት ዋላ'ውን ነቲ ናይ ኮሮና ሓዲሽ ለውጢ ኣብ ጀርመን ተዘርጊሑ ዘሎ ይከላኸል።

**እቲ ክታበት ውሑስ ድዩ፧**
ኩሎም ኣብ ጀርመን ንጥቀመሎም ክታበታት ብጸቢብ ናይ ፍቓድ መርመራታት ዝሓለፉ እዮም። ጥቕሞም፡ ብቕዓቶምን ተጻዋርነት ናይ ሰብን ተመርሚሮም ንዕዳጋ ዝወረዱ ስለዝኾኑ፡ ልክዕ ከምቶም ካልኦት ክታበታት ውሑሳት እዮም።

**እቲ ክታበት ክንደይ ኢዩ ዋግኡ መን'ከ ክውጋእ ኣለዎ፧**
እቲ ክታበት ብወለንታን ብነጻ ክፍሊትን ንኹሉ ወዲሰብ ልዕሊ 12 ዕድመ ዘለዎን እዩ።

**ኣየኖት ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣለዎም፧**
ድሕሪ ክታበት ንቕሩብ መዓልቲ ሕማቕ ክስመዓኩም ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ንኣብነት ቃንዛ ኣብታ ዝተወጋእኩምላ ቦታ፡ ረስኒን ሕማም ርእስን ዘኣመሰሉ እዮም። እዚ ሳዕቤን ትርግሙ ሰውነትና ናይ ምክልኻል ሓይሊ ይፈጥር ከም ዘሎ ዘመልክቱ እዮም። ንነዊሕ እዋን ዝፍጠር ኣልቱታዊ ሳዕቤን ኣዝዩ ኣዝዩ ሳሕቲ የጋጥም እዩ። ናይ ኮሮና ክታበት ኣዝዩ ዝወሓደ ሳዕቤናት ኣለዎ ካብ ሕማም ለበዳ ኮሮና።

**ክኽተብ ይደይል እየ፡ ምኽንያቱ...**
- ካብ ሕማም ኮሮናን ምስኡ ዝተሓሓዙ ሕዱር ሕማማትን ክድሕን ስለዝደሊ።
- ተኸቲበ ንስድራቤተይ'ውን ከውሕስ ስለዝደሊ።
- ነገራት ናብ ንቡር ክምለስ ስለ ዝተመነኹ።
- እቲ ክታበታት ውሕስነቶም ስለዝተረጋገጸ።
- እቲ ክታበት ኣዝዩ ንኡስ ሓጺርን ነውሒን ሳዕቤናት ጥራይ ስለዘለዎ።
- እቲ ክታበት ኣዝዩ ጠቓሚ ስለዝኾነ።
- ዋላ'ውን ንምቅይያራት ባህርያት ቫይረስ ክጠቅም ስለዝኽእል።

**www.zusammengegencorona.de/impfen**

**VERBREITET DURCH UND WEITERE INFORMATIONEN BEI:**

Landkreis Hameln-Pyrmont
Gesundheitsamt
Hugenottenstr. 6, 31785 Hameln
Tel. 05151/903-5555; Fax: 05151/903-5002
www.hameln-pyrmont.de/impfen

Diese Unterlagen wurden erstellt von der **Landesvereinigung für Gesundheit und Akademie für Sozialmedizin Niedersachsen e. V. (LVG & AFS)**, gefördert durch die **Senatorin für Gesundheit, Frauen und Verbraucherschutz der Freien Hansestadt Bremen**.

Die Senatorin für Gesundheit, Frauen und Verbraucherschutz
Freie Hansestadt Bremen